# ፈስቲቫል ኤርትራ 2001 ፍራንክፈርት ሰሚናራት፡ ስነጥበባውን ባህላውን ጸወታት ብምቕራብ ቀጺሉ ውዒሉ።

------0------

ፈስቲቫል ኤርትራ 2001 ፍራንክፈርት ትማሊ 6 ሓምለ ሰሚናራት፡ ስነጥበባውን ባህላውን ጸወታት ብምቕራብ ቀጺሉ ከምዝወዓለ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።

ኣብቲ ዝዓበየን ዝሰፍሐን ተሳታፍነት ዝነበሮ ሰሚናር ኣቶ የማነ ገብርኣብ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሰላም ኣብ ምውሓስ፡ ልኣላውነት ሃገር ኣብ ምኽባር፡ ምጥያስ ሰራዊት፡ ምምላስ ዝተማዛበሉ ስድራቤታት ከምኡ እውን ኣብ ምህናጽ ሃገርን ልምዓትን ኣተኩሩ ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንሱ፡ ንመስርሕ ሰላም ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ስርዓት ወያነ ኹሉ ዝኣተዎ ውዕላት፡ ስምምዓትን መብጽዓታትን ጥሒሱ ቀጻሊ ምትኹታኽ ብምግባር ንመስርሕ ሰላም ይዓናቕፎ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕባር ከም ውጽኢት ከኣ ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ክሳብ ሕጂ ብግቡእ ከምዘይቆመ ኣረዲኡ። ንምጥያስን ምምላስ ካብ መነባብርኦም ዝተመዛበሉን ዝተሰዱን ዜጋታት ኣመልኪቱ ድማ፡
“ልዕሊ 200 ሽሕ መንእሰያት በበመድረኹ ከምዝጣየሱን ናብ ሕብረተ-ሰብ ተጸንቢሮም ንቡር ሂወቶም ከምዝመርሑን ክግበር ፡
ልዕሊ 300 ሽሕ ካብ መነባብርኦም ዝተመዛበሉን ናብ ሱዳን ተሰደዱን ዜጋታት ድማ ነናብ ቦትኦም መሊስካ ዘድሊ ሓገዝ ክግበረሎም እዩ” ኢሉ።

ኣብቲ ልምዓትን ዳግመ ህንጻን ዝምልከት ኣቶ የማነ፡ ቁጠባ ሃገርና ክዓቢ ቀዳምነት ሂብና ንሰርሕ ከምዘሎና ጠቒሱ፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪን ሃብቲ ዓሳን ዝኣመሰሉ ጽላታት ንውሽጢ ሃገር ኣዕጊቦም መታን ንሰደድ ኪቐንዑ፡ ፍሉይ ጠመተ ተገይሩሎም፡ ፕረዚደንት ኢሳያስ ዝከታተሎ ኮሚሽን ቀይሙ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ የማነ፡ ነቲ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ሃገርና ተኸሲቱ ንዘሎ ዘይምርድዳእ፡ ካብ ህዝቢ ንሻቕል ኣሎና ዝብል ንዝቕረበሉ ሕቶ ክምልስ ከሎ ገለ ካብ ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ. ንመንግስትን ግንባርን ዝጸባእ መግለጺታት ይህቡ ኺ እንተለዉ፡ መንግስትን ግንባርን ክሳብ ሕጂ እቲ ጉዳይ ኣብ ዘየድሊ መኣዝን ከየምርሕ ስቕ ከምዝመረጸ ኣረዲኡ። እቲ ጉዳይ ኣዝዩ ከምዘየሻቕል ብምጥቃስ ከኣ ኣብዚ እዋንዚ ሃገር ኣብ መደባት ዳግመ ሕውየት፡ ምሕጋዝ ስድራ ቤት ስውኣት፡ ምዕቃብ ልኣላውነት፡ ምጥያስ ተጋደልትን ምምላስ ዝተመዛበሉን ዝተሰዱን ዜጋታት ቀዳምነት ሰሪዓ ትሰርሕ ከምዘላ ኣብሪሁ።

ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣስታት 5 ሽሕ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል በቲ ኣብ ተለቪዥን ጀርመን ፍሉጥ ናይ ሂብ ሆፕ ተጻወታይ ሮበል ዘሚካኤል፡ ጉጅለ ሓላው ወሰንን ካልኦት ጉጅለ ባህልን ወጋሕ ትበል ለይቲ ክጻወቱ ሓዲሮም።

ፈስቲቫል ኤርትራውያን 2001 ደፍራንክፈርት ሎሚ እውን ብስፖርታውን ባህላውን መድባት ቀጺሉ ክውዕል እዩ።